ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር - ጀርመን الاتحاد الديمقراطي الإرتري

Eritreische Demokratische Vereinigung e.V.

Eritrean Democratic Association

## ሰሚናር ዞባ ጀርመን ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ዕለት 19.02.2005 ዓ.ም. ዞባ ጀርመን ናይ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ሰፊሕ ሰሚናር ኣካይዱ። ኣብዚ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣብ “ኤርትራዊ ማእከል” ዝተኻየደ፣ ስርዒታውያን ሓለፍቲ ጉጅለታትን ጨናፍርን፣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ዝተሳተፍዎ ልዕሊ 6 ሰዓታት ዝወሰደ ሰሚናር ንዝተፈላለዩ ኣጀንዳታት ድሕሪ ምምዛንን ምርኣይን መጻኢ መደባት ጉዕዞ ዞባውን ኣሚቶም። ብምቕጻል ተመክሮ ሕድሕድ ድሕሪ ምልውዋጥ ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ካርቱም ዘካይድኦ ዘለዋ ኣኼባታት ንህዝብና ዓቢ ተስፋ፥ ንስርዓት ህግዲፍ ድማ ራዕዲ ዝፈጠረ ብምዃኑ ኩለን ተቓዉምቲ ውድባት ዕዉት ኝክገብርኦ፥ ሃገራውን ህዝባውን ረብሓ ልዕሊ ኩሉ ከቐምጣን ብትብዓት ክሰርሓን ተላብዩ። ብምቕጻል ህዝቢ መታን ክከታተል ክኽእል ድማ ግሉጽነት ብዘለዎ ኣገባብ ውጽኢታትን ጉዕዞን ኣኼባታት በብግዚኡን ከምኣድላይነቱን ንህዝቢ ክሕበር ድሕሪ ምልባው ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘለዎ ጽኑዕ ደገፉ ገሊጹ።

ሽማግለ ኤ.ዲ.ማ.
ዞባ ጀርመን ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ